መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ናይ የሱስ ናይ ፈተና ግዜ

ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus

ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Sarah S.

Alastair Paterson

ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

የሱስ ምስ
ተጠመቀ፡
እግዚኣብሄር
ተዛረበ። ከምዚ
ድማ በለ "እቲ
ብእኡ ዝሰመርኩ
ፍትዊ ወደይ ንሱ
እዩ"። መንፈስ
ቅዱስ ድማ ከም
መልኽዕ ርግቢት
ኣብ ልዕሊ የሱስ
ዓለበ።





ብድሕሪ እዚ፡
መንፈስ
እግዚኣብሄር ንየሱስ
ናብ በረኻ ወሰዶ።
የሱስ ድማ በይኑ
ነበረ።

የሱስ ንኣርብዓ መዓልቲን ለይትን
ጾመ። እዚ ማለት ወላሓንቲ መግቢ
ይኹን መስተ ኣየሰተየን ማለት እዩ።
ኣዚዩ ድማ ጠመየ።



መጽሓፍ ቅዱስ ድማ እንስሳ ዘገዳም ኣብቲ በረኻ ከም ዝነበሩ ይነግረና።



ሰይጣን ድማ ን የሱስ ክፍትን ኢሉ
መጸ። ከምቲ ቀደም ን ኣዳምን
ሄዋንን ኣብ ገነት ኤደን ካብ ትእዛዝ
ኣምላኽ ከትርፎም ዝፈተኖም።
ሕጂ ድማ የሱስ ክፍትኖ ኢሉ መጸ።





ሰይጣን ወላ
ንዉሉድ ኣምላኽ
ዚኾነ "የሱስ"
ክፍትን ይመጽእ
እዩ።


"ንስኻ ዉሉድ ኣምላኽ እንተኮንካ"
በሎ ሰይጣን ን የሱስ፡ "ነዚ እምኒ
ናብ እንጌራ ለዉጦ" በሎ። የሱስ
ጠምዩ ከም ዝነበረ ይፈሊጥ ኔሩ እዩ።
ወዲ ኣምላኽ ድማ እምኒ ናብ እንጌራ
ከም ዝልዉጥ ስለ ዝፈሊጥ እዩ።
የሱስ ግን ይእዘዘ ዶ
ይኸዉን?

ኣይፋል! የሱስ ንሰይጣን ኣይተኣዘዞን። ከምዚ ኢሉ ደኣ መለሰሉ። "ወዲ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ዘይኮነ ፡ ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ዝወጽእ ቃል እዩ ዝነብር" በሎ።



ብድሕሩ እዚ ድማ ሰይጣን ንየሱስ ናብ በሪኽ ከተማ ናይ የሩሳሌም፡ ናብቲ ቅዱስ ስፍራ ብዙሕ ህዝቢ ዝምልኽሉ ወሰዶ። ሕጂ ከ ሰይጣን እንታይ እዩ ክእዝዝ?



"ወዱ ኣምላኽ እንተኮንካ፡
ካብዚ ዘለኻዮ ንታሕቲ ገጽካ
ጽደፍ" በሎ። "ቃል ኣምላኽ
ንከይትወድቕ መለኣኽቱ
ክእዝዘልካ እዩ ይብል"።



"ኣይፋሉን!" የሱስ ድማ መለሰሉ "ጽሑፍ እዩ ፡ 'ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ  ኣይትፈታትን' በሎ።"





ሰይጣን ድማ መሊሱ ፈተነ።
ንየሱስ ናብ በሪኽ ከተማ ወሰዶ።

ንንግስነትን ሃብትን ኢዛ
ዓለም እንዳርኣየ ድማ
፡ሰይጣን ከምዚ በሎ
"ፍግም ኢልካ ተሰጊድካለይ
እዚ ኩሉ ክህበካ እየ"።



"ሰይጣን ካባይ ርሓቅ" ኢሉ የሱስ ኣዘዞ። "ጽሑፍ ድማ ይብል እዩ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ጥራሕ ተገዛእ ንዑዑ በይኑ ውን ኣምልኾ" በሎ።



ድሕሪ እዚ ሰይጣን ንየሱስ ሓደጎ። ሽዑ ኣገራሚ ነገር ኾነ። እግዚኣብሄር መላእኽቱ ሰዲዱ ነቲ ንሰይጣን ዘይተኣዘዘ-የሱስ ኣጸናንዖን ደገፎን።



# ናይ የሱስ ናይ ፈተና ግዜ

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴዎስ 4፡ ሉቃስ 4

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፤130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን
ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ
የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሰናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ
ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ
ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ
ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ
3፡፡16